# ካብ ሕሉፍ ተመኩሮታትና ጌና ኣይተገላገልናን

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 21.07.2009

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓደ ካብ'ቶም ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ብሰላማዊ ፖለቲካዊ (ዘይጐነጻዊ) ኣገባብ ንምእላዩ ዝቃለሱ ዘለዉ ፖለቲካዊ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ኢዩ። እዚ ኣገባብ ቃልሲ'ዚ ዝኽተሎ ስትራተጂ፡  ኣብ ምልጋስ ናይ'ቲ ህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ጥራሕ ዝተደረተ ዘይኰነስ፣ ክንዮኡ ዝኸይድ፡ ናይ ሰላምን ዲሞክራስን ክብርታትን ባህልን ዝሰፈኖ ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽ ዝዓለመ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ህዝቢ ዋናን ምንጭን ስልጣን ክኸውን ብምብቃዕ፡ ኣብ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ዘሎ መዋእል፡ ንናጽነቱ ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምክልኻል ንምብቃዑ ኢዩ። ነዚ ስትራተጂ'ዚ ዝያዳ ኣገዳሲ ዝገብሮ ከኣ፡ ብጐነጽ ዘይኣምን ሕብረተ-ሰብ፡ ንዝኾነ ይኹን ማሕበራዊ ወይ ፖለቲካዊ ግርጭት ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራሕ መዕለቢ ክገብረሉ ስለዝመርሕ ኢዩ።

ዕላማ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ቃልሲ ብመንጽር ተመኩሮ ሰውራ ኤርትራ ክርአ ከሎ ድማ፡ ነቲ ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ ዝግሃድ ዝነበረ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ጐንጽታት፡ ኣብ መንጐ'ተን ኣብ'ዚ ሃለዋት'ዚ ዝተፈጥራን ዝዓበያን ዝተሃንጻን ህልዋት ውድባት ኤርትራ ንኸይድገም ምግታእ ኢዩ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ መዋእል ሓርነታዊ ውግእ  ዝተጋህዱ ግርጭታት፡ ኣብ ናጻ ኤርትራ ልምዓት፡ ሰላምን ዲሞክራስን ከይሰፍን ዓንቃፊ ተራ ኣለዎ ኢሉ'ዩ ዝኣምን። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዓመጻዊ ባህል ዝሰፈኖ ኩነታት፡ እቶም ብጐናጻዊ ኣገባብ ንህልዊ ስርዓት ኤርትራ ክቕይሩ ዝመርጹ ውድባት፡ ሰላምን ዲሞክራስን ከስፍኑ ይኽእሉ ኢዮም ኢልካ ምእማን ዘይከኣል ኢዩ።

ብዛዕባ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብን ካልኦት ኣገባባት ቃልስን ዕሙቕ ዝበለ ተረድኦ መታን ክህልወና፡ ናብ ሕሉፍ ታሪኽናን ተመኩሮናን ሳዕቤናቱ ኣብ'ዚ ህልዊ ኩነታትን ምርኣይ ኣገዳስነት ኣለዎ።

### ውርሻታት ናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ተጋድሎ

ናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ተጋድሎና፡ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ምስዓር ጥራሕ ኣይኰነን ምሂሩና። ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ ታሪኽና መዘና ዘይብሉ ጅግንነት'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ንጐነጽ ዘተባብዑ ትካላትን ጉጅለታትን እምነት ከነሐድር ውን ገይሩና ኢዩ። ኣብ 70ታት ዝተባርዐ ውግእ ሕድሕድ፡ ኣብ መንጐ ተሓኤን ህዝባዊ ግንባርን ዝተፈተና ናይ ሓድነት መስርሕን ፍሽለቱን፡ ተሓኤ ብህዝባዊ ግንባር ተደፊኣ ከብ ሜዳ ኤርትራ ምውጽኣን ኣብ ኣተሓሳስባናን ጠባያትናን ነነዊሕ እዋን ዘይሃስስ ኣሉታዊ ኣሰራት ወይ በሰላታት ዝገደፈ ተመኩሮታት ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎና፡ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ውድባት ብሓፈሻ፡ ህዝባዊ ግንባር ድማ ብፍላይ፡ ንብረት ከም መፍትሒ ናይ ኵሉ ሽግራት ገይሩ ዝውስድ ኣተሓሳስባ'ዩ ነይርወን። እዚ ባህሊ'ዚ፡ ከይዱ ከይዱ፡ ነፍስወከፍ ውድብ ብዘይካይ ክመርሕ፡ ብዘይካይ ዲሞክራሲ ከስፍን ብዘይካይ ሓድነት ህዝብን ሃገርን ከረጋግጽ ዝኽእል ውድብ የለን ዝብል ኣረዳድኣ ወይ እምነት ክህልዎ ገይሩ።

ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ሓደ ነቲ ካልእ ምጽላም ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ብሓይሊ ንምድምሳሱ ውን ዕማመይ ኢሉ ተታሓሓዞ። እዚ ወተሃደራዊ ወይ ዓመጻዊ ባህሊ ከይዱ ከይዱ፡ ኣብ ናጻ ኤርትራ ንሰላምን ዲሞክራስን ዝጻረር ፖለቲካውን ማሕበራውን ባይታ ፈጢሩ። ህልዋት ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ድማ፡ ጌና በዚ ባህል'ዚ ኢየን ዝልለያ ዘለዋ። ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ናይ ሓደ ሰብ

ምልካዊ ስርዓት፡ እኹል መግለጺ ናይ’ቲ ን30 ዓመታት ዝቐጸለ ብረታዊ ተጋድሎና ዘስረጸ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ብሻምብቆ ብረት’ዩ ዝረጋገጽ ዝብል ኣረዳድኣ ኢዩ።

## ሃሰያታት ታሪኽ ብረታዊ ተጋድሎና ታሪኽ ኣብ ልዕሊ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ

ካብ 1999 ኣትሒዙ፡ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ንዕርቅን ሓቢርካ ናይ ምስራሕን ድሌት ዘንጸባርቕ ናይ ዝምድናታት ምምሕያሻት ክርአ ከምዝጀመረ ኣሉ ዘይበሃለሉ ሓቂ ኢዩ። እዚ ሓባራዊ ስራሕ’ዚ ግን፡ ኣብ ስትራተጂ ናይ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ቃልሲ ዝተሰረተ ኣይኮነን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ ዝዓበናሉን እንፈልጦን ኣገባብ ቃልሲ ጕነጻዊ ስለዝኾነ ኢዩ። ትዕድልትና ንሱ’ዩ፤ ካብ ሕሉፍ ተመኩሮታትና ጌና ኣይተገላገልናን ዘሎና።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኩሎም ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብዛዕባ  ሰላምን ዲሞክራስን ደጋጊምን ክዛረባ ኢየን ዝስምዓ። ብሓቂ ግን፡ ተግባራተን ምስ ኣብሃህልአን ዝሳነ ኣይኮነን። ውልቃዊ ቅርሕንታት፡ ጸቢብ ውድባዊ ረብሓታት ዝመለለይአን፡ ውሽጣዊ ዲሞክራስያዊ ህይወት ዘይብለንን ንፖለቲካዊ ተሳትፎ ዘየተባብዓን ውድባት ኢየን። እቲ ብኣፍ ዝደጋገም ናይ ሰላምን ዕርቅን ጭርሖታት ኣብ ጽኑዕ ባይታ ዝተሰረተ ኣይኮነን። እዚ ውጽኢት ናይ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎና ኰይኑ፡ ስለምንታይ ናይ ሎሚ ኤርትራ ፖለቲካዊ ውድባት ንጕነጽ ይድግፋን ንሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ድማ ይነጽጋን ዘብርህ ኣብነት ኢዩ። እቲ ሓደጋ እምበኣር፡ ኣብ’ቲ መቕድም ጽልእን ዘይምርግጋእን ዓመጽን ዝኾነ ናይ ብረታዊ ኣገባብ ተጋድሎ ኣተሓሳባታት ተዋሒጥካ ምቕጻል ኢዩ።

## ካልኣይ ዙር ብረታዊ ተጋድሎ ንምክያድ ምሕላን

ብዙሓት ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ብጕነጻዊ ኣገባብ ጌርና ከነልግሶ ኣሎና ዝብል እምነት ኣለዎም። እዚ ስትራተጂ’ዚ፡ ካብ ተመኩሮ ብረታዊ ተጋድሎና ዝመንጨወ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ መብዛሕትኦም፡ ኣብ’ዚ ህልዊ ፖለቲካዊ ኩነታት’ዚ፡ ብኸመይ ዝበለ ኣገባብ’ዩ ናብ ዓወት ዘብጽሕ ንምብራሁ ኣይከኣሉን። እዚ ኣገባብ’ዚ፡ ብገለ ተኣምር ግብራዊ እንተደኣኰይኑ ውን፡ ሰላምን ዲሞክራስን ከስፍን ዘይኽእል ካልኣይ ዙር ናይ ብረታዊ ተጋድሎ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ‘ዩ ክኸውን።

ንስትራተጂ ብረታዊ ኣገባብ ቃልሲ ብንጹር ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮኦምን ናይ ፖሊሲ መግለጺታትምን  ዘይምስፋሮም ብዕቱብነት ዝሰርሕሉ ስትራተጂ ከምዘይኰነ’ዩ ዝእምት። እንተተዛረብሉ ውን፡ ንምርድኡ ብዘጸግም ኣገባብ ስለዘቕርብዎ፡ እተረፍዶ ዘይኣባላቶም፡ ኣባላቶም ውን ክርድእዎ ይጽገሙ ኢዮም።

እንተደኣ፡ ስርዓት ኢሳያስ ብጕነጻዊ ኣገባብ ጥራሕ’ዩ ከልግስ ዝኽእል ዝብል እምነት ሃልይዎም፣ መብዛሕትኦም ውን፡ ከምኡ ኢሎም ዝኣምኑ’ዮም ዝመስሉ፤ ከምኡ ውን፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጕነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ክኣምን እንተደኣ ደልዮም፣ ኣብ ጽሑፋቶም፡ ፖሊሲታቶም፡ መግለጺታቶምን ኣኼባታቶምን ብንጹርን ህዝቢ ክርድኦ ብዝኽእል ቋንቋን ክዛረብዎ ክኽእሉ ኣለዎም። እቲ ብውግእ ዝስዕብ ቀጒጠባዊ ዕንወት፡ ናይ ህይወትን ንብረትን ብርሰት፡ ኣብ መንጎ ሕብረተ-ሰብ ዝፍጥር ጽልኢ፡ ውግእ ዘስዕቦ ስነ-ኣእሙራዊ ጭንቀትን ኣፈዋውሳኡን፣ ልዕሊ ኲሉ ድማ፡ ብውግእ ኣቢልካ ልምዓት፡ ፍትሒ፡ ሰላምን ዲሞክራስን ንምስፋን ዝከኣለሉ መንገዲ ብግልጺ ክዛረብሉ ክኽእሉ ኣለዎም። ምኽንያቱ ከኣ፡ ብግቡእ ዘይተገልጸ ፖሊሲን ፕሮግራምን፡ ህዝቢ ንሰላማዊ ኣገባብ ነጺጉ ንብረታዊ ተጋድሎ ክድግፍ ስለዘይሕግዞ ኢዩ።

ስለ’ዚ፡ ጕነጻዊ ብረታዊ ኣገባብ ቃልሲ ዘስዕቦ ጸገማት ኣዝዩ ብዙሕን ዓሚቝን’ዩ ዝብል እምነት ኣሎና። ናብ ጐደና ሰላምን ዲሞክራስን ዘምርሕ ኣገባብ ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፈ 30 ናይ ብረታዊ

ተጋድሎ ዓመታት፡ ኤርትራውያን፡ ክሳብ ንባህሎም፡ ልምድታቶም፡ ውርሻታቶምን እምነታቶምን ዝቐየረ፡ ክብ ዝበለ መስዋእቲ ከፊሎምን ብዙሕ ዕንወትን ዓመጽን ርእዮምን ኢዮም። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዚ ናይ ጕነጽ ባህል ብጕነጽ ዘይኰነስ፡ ብሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ጥራሕ ኢና ክንቅይሮ እንኽእል ዝብል እምነት'ዩ ዘለዎ። ጕነጽ፡ ቅኑዕ ናይ ለውጢ ስትራተጂ ኣይኰነን። ጕነጽ፡ ነዚ ህልዊ ኲነታት ንምቕጻል ዝሕግዝ ናይ ቀቢጸ ተስፋን ጸቢብ ፖለቲካዊ ረብሓን ስትራተጂ'ዩ። እቲ ኲነታት ከምዘለዎ ክቕጽል ከኣ ድሌትን ባህግን ህዝቢ ኣይኰነን።

ፖለቲካውን ማሕበራውን ጸገማትና ብጕነጽ ኢዩ ዝፍታሕ ዝብል ኣረዳድኣ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ሜዳ ሱር ሰዲዱ ዝጸንሐ ኣረዳድኣ ምኻኑ ኣየካትዕን ኢዩ። ነዚ ወተሃደራዊ ባህሊ'ዚ ንምቕያር ድማ፡ ጌና ኣይበቓዕናን ዘሎና።

ነቲ ካብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎና ዝወረስናዮ ኣገባብ ቃልስን ኣተሓሳስባን ከይቀየርና፡ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት እነካይዶ ቃልሲ ንቕድሚት ክስጉም ኣይክእልን'ዩ ዝብል እምነት ኣሎና። ሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ቃልሲ ምምራጽ፡ ነቲ ንህዝብና ዝገጥሞ ዘሎ ኲሉ ጸገማትን ብድሆታትን ንምእላይን፣ ሰላምን ዲሞክራስን ዝሰፈኖ ሕብረተ-ሰብ ንምስፋንን የኽእል'ዩ ዝብል ዕግበት ኣሎና። እቲ ናይ መጨረሻ ዕላማ ናይ ህዝብና ድማ፡ ንስርዓት ህግደፍ ምእላይ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ኣብ ኤርትራ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ዲሞክራስን ብልጽግናን ዘረጋግጽ ስርዓት ምትካል ኢዩ።